KANTON
LUZERN
Bildungs- und Kulturdepartement

Dienststelle Volksschulbildung
ኣሃዱ መሰረታዊ ኣብያተ ትምህርቲ

# ንውሉደይ ምንባብን ምጽሓፍን ንክመሃር ብኸመይ ክሕግዞ ይክእል፧

እቶም ኣቐዲሞም ምስ መጽሓፍ ዝራኸቡ(ዝላለዩ) ቆልዑ ምንባብን ምጽሓፍን ናይ ምምሃር ብልጫ ኣለዎም። ምስ ውላድኩም ኣብ ናይ ደብዳቤ ዓለም ኣቲኹም ተጻወቱ።

- ቆልዑ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ምስ ጽሑፋት ቀጽሊ ርክብ ይገብሩ እዮም፡ ንበል ክገዝኡ ከለዉ፡ ኣብ ናይ ጎደና ምልክታት ኣብ መዐሸጊ። ይህንጠዩ ክፈልጡን ክመሃሩን ከኣ ይደልዩ፡  ን ኣብነት ንዘይፈልጥዎም ፊደላት እንታይ ከምዝበሃሉ፡ ደቅኹም እንተደኣ ሓቲተምኹም፡ ብዛዕብኦም  በጃኹም ኣፍልጥዎም።

- ንገሮ ነቶም ፊደላት ብ «b»ይብሃል ኣይኮነን በ «be» ከምኡውን ፍ «f»ይብሃል ኣይኮነን ኢፍ «ef» ኢልካ።

- ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ኣርእዮ ጽሑፋት እንታይ ትርጉም ከምዘሎዎ ንዕኡ ከም ሰብ። ናይ ትዕድግዎም ዝርዝር ብሓንሳብ ኩንኩም ጸሓፍዎም፡ መምርሒ ኣሰራርሓ መግቢ ብሓንሳብ ኣንብቡ ፡ ብሓባር ደብዳቤ፡ ካርድ፡ ኢሜይል ጸሓፉ።

- ምስ ውልድኩም ብሓንሳብ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ ኪዱ፡ መጽሓፍን ካልኦት ሚድያታትን ተለቂሕኩም ውሰዱ።

- ንውልድኩም ቀጻሊ ኣንብብሉ- ካብ ግዜ ህጻንነቱ ጀሚርኩም።

- ኣርኣያ ኩን ንባዕልኻ ኣንብብ (ንኣብነት ጋዜጣ፡ መጽሓፍቲ፡ ዲጂታል ሚድያ) ።

- ብሓባር ብቋንቋ ተጻወቱ፡ ግጥሚ፡ ቅኒትን መዝሙራትን፡ ንኣጠቓቕማ ቃላት ኣተባብዓዮ።

- ምንባብ ምሕሳብ ዝሓትት መስርሕ እዩ፡ ዓቕሊ ግበር ኣብ ርእስኻ ጸ ቕጢ ኣይትግበር።.ኣብ መጀመርያ ኩሉ ግዜ በብተራ ምንባብ ቀሊል እዩ፡ (ዓበይቲ ንእሽተይ የንብቡ ቀጺሉ ቆልዓ) ።

- ብዛዕባቲ ዘንበብክሞ ምስ ውላድኩም ተዛረቡ።

- ነቲ ቆልዓ ደስ ዝብሎ መጽሓፍ ምረጹ፡ ናይ እቶቡስ ናይ ግዜ ሰሌዳታት፡ ዘስደምም ታሪኻት፡ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ፡ ዘስሕቑን ናይ ምኽሻን መግብን መጻሕፍቲ ንክመርጽ ይፍቀዱ እዮም።

- ዝተፈላለዩ ሚድያታት ተጠቐሙ፡ ንውላድኩም ኣሰንይዎም መጽሓፍቲ፡ ዝስምዑ(ኦዲዮ)ታሪኻት፡ ፊልምታትን ኣፕሊኬሽናትን ክደልዩ ከለዉ።

- ኣብ ወረቐት ቅብኡ(ሰኣሉ)፡ ብሓባር ፎቶግራፍ ሰኣሉ፡ ኣብ ስማርትፎንን ታብለትን ድዛይናት ስርሑ።

- ኣቐዲምኩም ብናይ ደቅኹም ጽሑፋትን ደብዳቤታትን ተሓጎሱ፡ ጌጋታት ክትደልዩ ቀይሕ መጽሓፊ ኣይትጠቀሙ፡ ንመልእኽቲ መልሲ ሃቡ ወይ መልሲ ጸሓፉ።.

ሉዘርን,
275907